# መምርሒ ኣባይቲ፡ ንኣብ ስኮትላንድ ዝርከቡ ስደተኛታት

## ወጻኢታት ጸዓት

ንኡስ-ጽሑፍ 8 – ሚያዝያ 2012

Housing – Energy Costs - Tigrinya

መንበሪ ፍቓድ ዝተቐበልኩም እንተኼንኩም፡ ንመሞቒ፣ መብራህቲ፣ መኸሸኒ ወዘተ እትጥቀሙሉ ኤለትሪክን ጋዝን ዚውዕል ወጻኢታት ጸዓት ንኽትከፍሉ ሓላፍነትኩም እዩ። እዚ ንኡስ-ጽሑፍ'ዚ፡ ንወጻኢታትኩም ኣብ ምጉዳል ንምሕጋዝን ንወጻኢታት ነዳዲ ንምኽፋልን ክትገብርዎ ብዛዕባ እትኽእሉ ነገራት ይገልጽ።

HAPPY TO TRANSLATE

ብዛዕባ ንመሞቒ ዚግበር ክፍሊትን ምጉዳል ወጻኢታት ኣገልግሎትን ዚምልከት ግብራዊ ምኽሪ፡ ኣብ መርበብ-ሓበሬታ ሸልተር ስኮትላንድ (Shelter Scotland) ርኸቡ፥

http://scotland.shelter.org.uk/getadvice/advice_topics/paying_for_a_home/paying_for_heating_during_cold_weather

### ናብ ሓድሽ ግዝያዊ ወይ ቀዋሚ መንበሪ-ገዛ ኣብ ዝግዕዘሉ እዋን እንታይ እገብር?



- እቲ ክትገብርዎ ዚግባእ ፈለማ ነገር፡ **ከምቲ ኣብ ስእሊ ዘሎ ዚመስል፡** ንባብ ናይ ኮንታተረኹም ብጽሑፍ ሓዙ። ቀንዲ ቀረብ ጋዝ ማለት ናይ ጋዝ ኮንታተረ እንተሊኩም፡ ኣብ ገዛኹም ክትረኽቡ ኢኹም። ንባብ ኮንታተረ ምውሳድ እንታይ ምዃኑ ዘይትፈልጡ እንተኾንኩም፡ ንኽሕግዘኩም ንመሓዛ ወይ ንዝከታተለኩም ሰራሕተኛ ኣባይቲ (Housing Officer) ሕተቱ። ኣብ ብሎክ ክፍልታት ኣፓርታማ ትቕመጡ እንተኾንኩም፡ ንኽሕግዘኩም ንዋርድያ ክትሓቱ ትኽእሉ ኢኹም።
    - ዝርዝር [illegible] ኣድራሻኹም ንኽተመዝግቡን ንባብ ኮንታተረ ንኽትህቡን፡ ነቶም ዝህብኹም ቀረብቲ ጸዓት ተወከሱ። ኤለትሪክ (ወይ ጋዝ) ዝህበኩም ትካል መን ምዃኑ ርግጸኛታት እንተዘይኴንኩም፡ ንዋና ገዛኹም ወይ ኣብ ግዝያዊ ክፍሊ ኣፓርትማ እንተለኹም ንቤት ምኽሪ ሕተቱ።

**ንወጻኢታት ጸዓት ብኸመይ ኪቆጻጸር እኽእል?**

ስኮትላንድ፡ ኣብ ግዜ ሓጋይ (ዊንተር) ዛሕሊ ስለዝኾነ፡ ወጻኢታት ጸዓት ልዑል እዩ። ንዝህልወኩም ወጻኢታት ጸዓት፡ በዚ ዚስዕብ ከተጉድሎ ትኽእሉ ኢኹም፥

- ውሑድ ጸዓት ምጥቃም
- ትካል ቀረብ ጸዓት፡ ጉደሎ ዋጋ ክህበኩም ዝኽእል እንተኾይኑ ምሕታት ወይ ናብ ካልእ ትካል ቀረብ ጸዓት ምቕያር

**ውሑድ ጸዓት ብኸመይ እጥቀም?**

- ኣብ ዝጽልምተሉ ግዜ፡ ንመጋረጃታት ዕጸዉ
- ካብ ባስካ መሕጸቢ (ባዝ)፡ ብምንጥብጣብ እትሕጸበሉ ዓይኒ ምድሪ (ሻወር) እንተልይኩም ንዕኡ ተጠቐሙ
- ዘድልየኩም ማይ ጥራይ ንኽተውዕዩ በራድ ተጠቐሙ - ኣብ እትጥቀሙሉ ኵሉ ግዜ ኣይትምልእዎ
- መብራህትታት ናይ ዘይትጥቀሙሉ ክፍልታትት ኣጥፍኡ
- ብማዕጾኹምን መስኮትኩምን ንዝኣቱ ንፋስ ንምኽልካል ገለ መዕገቲ ግበርሉ
- ገዛኹም ጽገና ወይ ምምሕያሽ ዘድልዮ እንተኾይኑ፡ ንዋና ገዛኹም ኣዘራርቡ

ብዛዕባ ምዕቃብ ጸዓት ዚምልከት ተወሳኺ ምኽሪ፡ ኣብ መርበብ-ሓበሬታ ኢነርጂ ሰይቪንግ ትራስት (Energy Saving Trust) ርኸቡ፥

http://www.energysavingtrust.org.uk/What-can-I-do-today/Getting-started

ኣማኻሪ ንኽትረኽቡ ድማ ናብ 0800 512 012 ብናጻ ክትድውሉ ትኽእሉ ኢኹም። ሓበሬታ ክህበኩምን ብዝበለጸ ክሕግዘኹም ምስ ዝኽእላ ትካላት ድማ ርክብ ከምዝህልወኩም ይገብር።

Scottish Refugee Council, 5 Cadogan Square, (170 Blythswood Court), Glasgow G2 7PH Tel: 0141 248 9799, Fax: 0141 243 2499,
www.scottishrefugeecouncil.org.uk
Scottish Refugee Council is a charity registered in Scotland.
Registered Charity: SC008639

**ጸዓት ካብ ዝቕርበለይ ትካል ብኸመይ ጉደሎ ዋጋ እረክብ?**

ዝተፈላለየ ታሪፍ (ዋጋታት) ኣሎ፣ ከምኡውን ሓንቲ ኩባንያ፡ ዝተፈላለየ ስምምዓት ኣለዋ። ወጻኢታት፡ ኣብቲ እትኸፍልሉ ኣገባብ ምርኩስ ብምግባር ዝፈላለ እዩ። መብዛሕቱ ግዜ፡ ኣብ ዝተጠቐምክሙሉ ግዜ ከምእትኸፍሉ እትገብር ኣቐዲምካ ብምኽፋል እትዓዪ ኮንታተረ እትግልገሉ እንተኼንኩም፡ ኣዝዩ ክቡር እዩ። ሕሳብ ባንኪ እንተሃልይኩም ግን ብዳይረክት ደቢት እትኸፍልሉ ሕሱር ኣማራጺታት ይህልወኩም እዩ።

ጉደሎ ዋጋ ብኸመይ ከምእትረኽቡ ዝሕብራ ከም መርበብ-ሓበሬታ 'save on your bills'፥ http://www.saveonyourbills.co.uk/ - http://www.ukpower.co.uk/ ዝኣመሰላ መርበባት-ሓበሬታ ብዙሓት እየን።

**ጉጅለ ምኽሪ ጸዓት ኣባይቲ ግላስጐው (Glasgow Home Energy Advice Team (G-HEAT))**

ኣብ ግላስጐው፡ G-HEAT፡ ንገዛኹም ዚኸውን ናጻን ዘይሻራውን ምኽሪ ክህበኩም ይኽእል እዩ። ምስ ዘለኩም ስርዓተ-መሞቒ፣ ወጻኢታት ነዳዲ ዚተኣሳሰር ጉዳያት፣ ኣብ ምኽፋል ወጻኢታት ኣገልግሎት ዘለኩም ጸገማት ክሕግዘኩምን ብዛዕባ ምቕያር ትካላት ቀረብ ዚምልከት ሓበሬታ ክህበኩምን ይኽእል። ኣብዚ ዚስዕብ መርበብ-ሓበሬትኦም፥

www.g-heat.org.uk/aboutgheat ወይ ናብ 0800 092 9002 ብምድዋል፡ ተወሳኺ ሓበሬታ ትረኽቡ።

ኣብ ከባቢኹም ዝርከቡ ካልኦት ትካላት-መዚ፡ ተመሳሳሊ ፕሮጀክትታት ኣለዎም። ኣብ ግላስገው ዘይትቕመጡ እንተኼንኩም፡ ሓበሬታ ንኽትረኽቡ ንእትቕመጥሉ ቤት ምኽሪ ወይ ማሕበር ኣባይቲ ሕተቱ።

**ኣታዊታተይ ብኸመይ ኣኻዕብት?**

ዋላ ትሰርሑ ሃልዉ፡ ኣየናይ መንግስታዊ ሓገዝ (benefits) ንኽትረኽቡ ብቑዓት ምዃንኩም ፍለጡ። ነዚ እትገብርሉ ዝበለጸ መገዲ፡ ናብ ማእከል ምኽሪ ገንዘብ (money advice centre) ብምኻድ እዩ።  ናብ መስመር ሓገዝ GAIN ማለት ናብ 0808 801 1011 ብምድዋል፡ ኣብ ቀረባኹም ዝርከብ ማእከል ኣበይ ምዃኑ ሓበሬታ ክትረኽቡ ትኽእሉ።

**ተወሳኺ ሓበሬታ ኣበይ ክረክብ እኽእል?**

**ኣብ ከባቢኹም ዝርከብ ኣማኻሪ ጸዓት** ናብዚ ቑጽሪ ተሌፎን፥ 0800 512 012 ብናጻ ደውሉ

**ኣብ ከባቢኹም ዝርከብ ማእከል ምኽሪ ገንዘብ**

ብዛዕባ ኣብ ቀረባኹም ዚርከብ ማእከል ዚምልከት ዝርዝር ሓበሬታ ንምርካብ፡ ብ0808 801 1011 ገይርኩም ንመስመር ሓገዝ GAIN ደውሉ

**G.Heat**

ብናጻ ዚድወለላ ቍጽሪ ተሌፎን፥ 0800 092 9002 ወይ ኢመይል፥ heat@thewisegroup.co.uk